# ኣንታ ሎሚ ኸ ሓቂ ድዩ?

መብዛሕትና ደቂ ሃገረ ኤርትራ ከምንፈልጦ ጸገምናን ጸገም ሃገርናን ካብ ውሉድ ወለዶ መወዳእታ ተሳኢኑዎ፡ ሕጂ እሞ ኸኣ መኣዝና ጠፊኡና ኣብ ጽልግልግ ዝበለ እዋን ንስለ ምንባር ንነብር ኣሎና። እቲ ጸገም፡ ከም ጸገም ኣብ ዝተፈላለየ መዋእል እኳ ይንበር እምበር ከም'ዚ ናይ ሕጂ ዝሓልፍ ዘሎ ግፍዕን ኣደራዕን ኣጋጢሙ ኣይፈልጥን እንተበልኩ ዘጋንን ዘለኹ ኰይኑ ኣይስመዓንን። ንምንታይ ቀደምስ ህዝቢ ዋላ ብጥምየት ይሳቓ እንተነበረ ሰላም ከምዝነበረ ለይትን መዓልትን ምዪቑ ከይበለ፡ ላዕልን ታሕትን ኢሉ ማእሪሩ ድራር ዕለቱ ይርከብ ከምዝነበረ እዩ ዝዝንቶ። ኣብ ርእሲኡ ኸኣ ፍቕርን ምርህራህን፡ ምኽባርን ምክብባርን፡ ፈሪሃ እዝግን፡ ኣወንታዊ እምነትን ዝዓሰሎ እዋን ስለዝነበረ፡ እቲ ናይ ጥምየት ሽግር ንኡስ ሽግር ኰይኑ ይርኤን ይሓልፍን ከምዝነበረ እዩ ዝሕብር። ንኣብነት መንእሰያት ኣብ ዝተፈላለየ ኵርናዕ ናይ ሃገር ንባጽዕ እናኸዱ፡ ቁሩብ ቊራቦ እኽሊ ሸሚቶም ናብ ስድርኦም ብሰላም ይምለሱ ከምዝነበሩ ይንገር።
መጻናናዕቲ ዝኾና ደፍታት ንኣብነት፣
ኣካሒዳ ምሉቕ ኢላ ከይዳ
ሳላ ሓምሊ ጊደበሉ ብርኪ ተተኺሉ ...... ወዘተ እናተባህለ ይድረፍ ከምዝነበረ ኵልና ኢና ንፈልጦ።

"ሓምለ ብሓምሊ፡ ነሃሰ ብሾሕሊ፡ መስከረም ርግጽ ኣቢልካስ ጥቅምቲ ናብ እኽሊ" ዝበሃል ዋዛ ምስ ቊምነገር'ውን ነይሩ እዩ። እቲ ዝሓሰመ መዋእል ዝበሃል ዘበነ መግዛእቲ ደርጊ እዩ'ውን ክበሃል ጸኒሑ። "ኣምሰሉ" ዝኾነ ስርዓት "ህግደፍ" ኣስመራ እቲው ምስበለ ወዲ ሃገር ዘሕልፎ ዝነበረ ኣሰቃቒ እዋን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ግቢ ንህዝቢ ከርእዮ ከሎ፡ ንመዳፍዓት ደርጊ ከም ሙዝዩም እናርኣየ ንሆስፒታል ኣስመራ ጸላኢ ዘባላሸዎ ርኣዩ እናበለ ክወራዘን ክጥቁን ከሎ ትዝ ይብለካ። ደግያት "ኣምሰሉ" ግን ከምስል እምበር ብእከይ ተግባራቱ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ "ምዕባይ ደርጊ" ምዃኑስ እቶም ንፈልጦስ ንፈልጠ ነይርና ኢና። ብንግሁኡ ኸኣ ክንሕብር ጸኒሕና ኢና። ስለዝኾነ ድማ ተራ መሰረታቱ፣ ንሕና ንብደል ኣሎና፡ ቪላታት ኣስመራ ላዕለዎት መራሕቲ ክማስሕዎ ከለዉ፡ ንሕና ኸኣ ንሓንቲ ለይቲ መሕደሪ ሓሪሙና ኣብ

ጽርግያታት ኣስመራ ቀንፈዘው ንብል ኣሎና፣ መራሕትና እቱው ኢሎም ኣቶ እገሌ እናተባሃሃሉ ቃሕ ዝበሎም ገይሮም ክሓድሩ ከለዉ፣ ንሕና ኸኣ ተጋዳላይ ኰይኑ ሽምና ክዳና ከይቀየርና ኣብ ጐበታት ሃገር ተጓሒፍና ካብ ንርሳዕ ድሮ 3 ዓመትና ኰይኑ። ጠገለ ዝሰኣነ ናይ መራሕትን ተመራሕትን ፍልልይን ኣድልዎን ስለ ዘቃልዑን ዝተንቀሳቐሱን፣ ጸረ ናጽነት ተባሂሎም ኣብታ ዝወራዘየላ ዝነበረ ቤት ማእሰርቲ ደርጊ እዩ ዝነኞቶም። ብዘበነ ደርግስ እኳ ፍርዶም ወሲዶም ዝተረሸኑ፣ ንዓመታት ዝተኣስሩ ተፈሪዶም ዝወጹ፣ ይግባይ ኢሎም ጠበቐኦም ገይሮም ዝማጐቱ፣ ብቤተሰቦም ዝብጽሑ እዮም ነይሮም። ናይ "ኣምሰሉ" ኸ ብጀካ'ቶም ደሓን ሕጂ'ውን ማሰ ክብሉለይ ይኽእሉ እዮም ዝበሎም፣ ከም በዓል ወዲ ቸኹልን ሊንጐን ዝኣመሰሉ እንተዘይኰይኖም ኣስታት 800 ዝኾኑ ተቓለስቲ ሽዓ ምስኣተዉ ድሃይ ትበሃል ከምዘይብሎም እዩ ዝፍለጥ።

ብዘበነ ደርጊ ብኣስገዳድ ወተሃደራዊ ዕስክርና ኣይነበረን። ወላዲ ውላዱ ኣንጻር ደርጊ ንኽቃለስ ኢሉ ዝኸደ፣ ኣበይ ኣሎ ውላድካ ንዓ ተኣሰር ወይ 50 ሽሕ ክፈል ኣይተባህለን። ተጸንጺሉ፣ ደስኪሉ፣ ኰብሊሉ ሓኪሉ ......ወዘተ ዝበሃሉ ጸረ መንእሰይን ሰራሕተኛን ዝኾነ ቃላት ብዘበነ ደርጊ ተሰሚያም ኣይፈልጡን። ወረ ክፍኣትን ሕሰምን ብስርዓት ደርጊ እንተነበረ ካብ ባዕዳዊ ገዛኢ ካልእ ካብኡ እትጽበዮ ጸጋን ራህዋን ስለዘየለ ዉሁብ ገርካ ኢኻ እትወስዶ። ከምኡ ስለዝነበረ ድማ፣ ህዝብና ደሓን ሓደ መዓልቲ ካብ ሱርካ ተማሒኻ ክትጕሓፍ ኢኻ እናበለ ብዓቢ ሞራልን ኒሕን ተሰንዩ እዩ ዝሓልፎ ዝነበረ።

ስርዓት ህግደፍ ዝፍጽሞ ዘሎ ግፍዕታትን ኣደራዕን ቁሉዕ ከም ጸሓይ ወርሒ ኰይኑ፣ ወግሔ ጸብሔ ብዝተፈላለዩ ሙዑታት ደቂ ሃገር ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ይጽሕፍዎም የቃልዕዎን ስለዘለዉ ንምድጋሙ ኣድላይ ኰይኑ ስለ ዘይተራእየኒ፣ ናብቲ ኣውራ ሎሚ ክጽሕፍ ዝደረኸኒ ምኽንያት ክምለስ ኣፍቁዱለይ። መንእሰይ ኤርትራ ብትእዛዝ ህግደፍ (እዚ ናይ ሕጂ ህግደፍ) ቅድሚ ናጽነት ምስ ስርዓት ሱዳን ተመሓዝዩ ነቲ ንመሰሉ ዝቃለስ ዝነበረ ሰውራ ደቡብ ሱዳን ንምህራም፣ ንጹሃት ተጋደልቲ ንደቡብ ሱዳን ሊኢኹ ኣብ ዘይምልከቶ ናይ ኵናት እቶን ተነቐቱ ሂወቱ ዝሃበን ዝቈሰለን ከምዝነበረ ናይ ትማሊ ታሪኽ እዩ። ሃገር ነጻ ወጺኣ ክበሃል ከሎ በቲ ሓደ ሸነኽ ራህዋን ቅሳነትን ተረኺቡ፣ በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ መስዋእትነት ብቑናት

ኣኽቲሙ ማለት እዩ ዘስምዕ ነይሩ። የግዳስ ስርዓት ህግደፍ ብሓፈሻ እቲ ሞቶር ናይቲ ስርዓት ዝኾነ ዲያብሎስ ፕረሲደንት ከኣ፡ ብፍላይ ምስቲ ብኹሉ እንትኡ ምስኡ ዝመሳሰል መራሒ ሃገር ዛይር ዝነበረ ካቢላ፡ ምስ ተጻረርቱ ኵናት ስለዝነበሮ፡ ንዕኡ ንምሕጋዝ እቶም ብሓሳባት ህግደፍ ንሞት ዝተፈርዱ ንዛየር ከይዶም ክዋግኡ ትእዛዝ ተዋሂቡዎም፡ ኣብዚ ኵናት'ዚ እውን ኣትዮም ዝዓረፉን ዝቈሰሉን ኣይተሳእኑን። ወረ ከም ዝዕለል ቅድሚ ምኻዶም ደሞዝኩም ብዶላር ኢኹም ትኽፈልዎ ተባሂልዎም ክነሱ፡ ምስተመልሱ ደሞዞም ብናቕፋ ክህብዎም ምስ ተዳለዉ፡ ኣይፋልናን ዉዕልና ብዶላር ስለዝነበረ ብዶላር ኢና ንቕበል ምስበሉ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጕኖም ድሕሪኡ ኣበይ ከምዝነጠቡ እዝጊ ዋንኣም እዩ ዝውረ።

እንሆ ኸኣ ናይ ሎሚ ሓቂ እንተኾይኑ ሳልሳይ መርመም መሳኪን ዕሽላት ደቂ ሃገር ከም ሃላኺ ኣቕሓ ኣብ መርከብ ተጻዒኖም ብባብ ኣልመንደብ ሓሊፎም ብህንዳዊ ውቅያኖስ ኣቢሎም ንሶማል ዝኣተዉ 2000 ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ሶማል ኣለዉ ዝብል ሓበሬታ ብሕቡራት መንግስታት ዝተሓበረ ጽሑፍ ምስኣንበብኩ ከም ሰበይ ስለዝደንጸወኒ ብጽሑፈይ ገይረ ኣንታ እንታይ እዩ ዝግበሮ? ካብ ምባል ሓሊፈ ካልእ ዓቕሚ ኣይረኸብኩን። እቲ ነዚ ስርዓት'ዚ ዝዘውር ዘሎ ሽፍታ'ኳ ብቑል ፍጥር ካብ ዝብል፡ ንጥፍኣትናን ምጽናትናን ተባሂሉ ዝተዘርኤ ሰብ መሰል ስለዝኾነ፡ ብዛዕብኡ ኣልዒልካ ምዝራብ ፋይዳ ኣልቦ እዩ። ንምንታይሲ ካልእ ካብ'ዚ ዝበኣሰ ባርባርያዊ ፍጻሜታት ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ደቂ ሃገር ዋላ ነቶም ዓጽሞም ከስኪሶም፡ ደሞም ኣፍሲሶም፡ ኣብ ኰረሻ ስልጣን ኮፍ ዘበልዎ ናይ ኵናት ኣካለ ስልኩላት፡ ጸጊሙና ኣሎ ቍሊሕ በሉና ስለዝበሉ ጥራሕ ዶ ከይኮነ ብዕለት 12/07/1994 ስዉኣትን ዳግመ ስንኩላትን ዝገበሮም። ስለዝኾነ ሎሚ ንሶማል፡ እንተቐንዩ ድማ ጸኒሑ ንኢራን ንኣፍጋኒስታን እንተለኣኸ ብዙሕ ዘገርም ኣይኮነን። ከም ሓተላ ዝጨነዎ ብዕራይ ኣብ ዝሃለዉ ይሃሉ ኵናት ፈንፊን እናበለ ኢዱ ከእቱ ናቱስ ንቡር ኰይኑ ኣሎ።

እቲ ኣዝዩ ዘገርምን ዘሔዝንን ዘሎ ናይቶም ናቱ “ርኻብን ኰረሻን” “ምድጃን ጕልሻን” “ዕርፍን ማሕረሻን” “እዝንን ኵትሻን” .......... ኰይኖም ኀኹሉ ንሱ ዝፍጽሞ ኣረሜናዊ ተግባራት ከም ዓቢ ጸጋን ጅግንነትን ኰይኑ ዝስመዮም፡ ብዓይኒ ብለይ እዝኒ ብለይ ዝጐዓዙ ዘለዉ እዩ። እዚኦም'ውን እንተኾኑ ብሚዛነይን ትዕዝብተይን ጠፊኡዎም ወይ

ከአ ተደናጊሮም ዘይኰነስ እንታይ ድኣ፣

1. እቶም ገለገለ መሳኪን ናይ መንነት ቅልውላው ስለዘለዎም ኣብ ትሕቲ "ካባ" ናይዚ ስርዓት'ዚ ተኸዊልካ ምኻድ ይበልጸና ካብ ዝብል ነብሰ ተኣማማንነት ዝኸሰሩ ሰባት እዮም።

2. እቶም ገለገለ ኸኣ፣ ኣባላት ተ.ሓ.ኤ. ዝነበሩ ኼይኖም፡ ኣብቲ ጋህሲ ናይ ህግደፍ ሓንሳእ ምስ ኣተዉ፡ ብድኹም ኒሕ ተኣሲሮም ካብኡ ምውጻእ ሓርቢትዎም ዋላ ትንፈት እምበር ጤል ዝብሉ ብታሪኾም ዝጣልዑ ዙሩዓት ናይ ህግደፍ እዮም።

3. እቶም ገለገለ ድማ፣ ኣብ ግዜ ሃገራዊ ቃልሲ ኤርትራ ሞተት ሰረረት እናተባህለት ከላ፡ ነብሶም ፈትዮም ነቲ ቃልሲ ጕስዮም ምስዳዶም ከይኣክል፡ ኣበይ ዘሎ ናጽነት እትይ እናበሉ ኢዶምን እግሮምን ኣጣሚሮም ዝርእዩን ዘላግጹን ዝነበሩ ኰይኖም፡ ኵናት ናይ ባድመ ንዕኦም ክትብል ከም ዝተባረዔት ስለዝረኣዩ፡ ሑሉፍ ሃገራዊ ቃልሲ ሎሚ ንኽሕስ ኣሎና ዘስምዕ ሑቱር ዕጥቂ እዩ።

4. ከምኡ'ውን እቶም ነብሶም ኣሕሲሞም፡ ከምቲ ንቡር ክነብርዎ ዝነበሩ ከይነበሩ፡ እሞ ዋንኤን ዘየፍለጣ ገዛውቲ ዝሰርሑ ተበለጽቲ ኸኣ እዮም። ካልእ ድሑር ጋዕ ገልጠም'ውን ኣሎ እዩ። እዚኦም በብጸገሞም ተሪኺቦም ሃገርን ህዝባን ንምጥፋእ ዝዳኸሩ ዘለዉ።

5. ካብኡ ሓሊፉ እቲ ኣስሊ ኣባል ህ. ግንባር ብጕልበቱን ብንዋቱን ዝደከም ዝነበረ፡ ወይ ጕልባቡ ቀሊዑ ነዚ ጨፍላቒ ስርዓት'ዚ ይቃለሶ ኣሎ፡ ወይ ከኣ ናይ ትም መርገጽ ሒዙ ተዓዛባይ ኰይኑ ኣሎ ዝብል ገምጋም እዩ ዘሎኒ።

ዕላማ ኣምሰሉ መራሕ ህግደፍ እቲ ኹሉ ሂወይ ንሶማል ሰዲዱ ዝቋመሮ ዘሎ ኸኣ ንስርዓት ኢትዮጵያ (ብኣጸዋውዑ ጭፍራ ወያኔ) ምስ ሶማላውያን ተሓጋጊዝካ፡ እንተተኻኢሉ ምብትታኑ፡ እንተኾነ ኸኣ ምድኻሙ ካብ ዝብል ሰይጣናዊ መርሆ ዝነቐለ ምዃኑ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት በጨቕ ክብሎ ጸኒሑ እዩ። ዋላ'ውን ከምቲ ንሱ ዝምነዮን ዝሓስቦን ማለት ኣብ ምብትታን ኢትዮጵያ እንታይ እዩ ረብሓ ናይ ኤርትራ? ምናልባት "ኣምሰሉ" ዲያውሎሰይ ይመስሎ ይኸውን ብዋጋ ምቕርራስ ኢትዮጵያ ደቂሱ ዝሓድርን ዝነብርን። ይኹን'ምበር ወይ ደኣ ኣይመሰሎን እዩ'ምበር፡ "ንሸኻ ደቂስካ ክትሓድርስ ጐረቤትካ ይደቅስ" ዝበሃል ምስላ ኣሎ። ምድማይን ምብትታንን ናይ ጐረቤትካ ንዓኻ ጸጋን ሃብትን ኼይኑ ዝረኣየካ እንተድኣ ኾይኑ፡ ብዘይቀለዓለም

ናይ ስነ ኣእምሮ ጸገም (ብልሻወ) ከምዘለካ እዩ ዘብርህ።እዚ ሓደገ ሕማም ኣእምሮ'ዚ ኣብኡ ጥራሕ ተወሲኑ ኣይተረፈን እንታይ ድኣ፡ ኣብቶም ኣቐድም ኣቢለ ዝጠቐስኩዎም መኾሳቱ'ውን ከይተረፈ ስለዝለበዶም፡ ስዕረት ናይቶም ብኡ ዝድገፉ ዝነበሩ ሶማላውያን ምስ ሰምዑን ምስ ረኣዩን፡ ዝያዳ ካብቲ ኤርትራ ኣብ ኩናት ባድመን ዛለምበሳን ዝተሳዕረቶ ዝሓዘኑን ዝበኸዩን ተራእዮም እዮም። ኣብ ርእሸኻ፡ ኣብ ርእሰ ቤተ ሰብካ፡ ኣብ ህዝብኻ ዝፍጸም ዘሎ ሰፍ ዘይብል ግፍዕን ኣደራዕን ዒም ኢልካ ዘይተዛረብካስ፡ ብዛዕባ ኩናይ ሶማልን ኢትዮጵያን ዓንገረር ምባል፡ ካልእ ኣየስምዕን እዩ። ብጀካ ሕማም ናይ ስነ-ኣእምሮ። ኢትዮጵያ ኣብ ቃሕ ዝበላ ጣልቃ ትእቶ፡ ብሓቂ ንዓና ኤርትራውያን ዝምልከት ድዩ? ድሓር ድማ "ኢራንን ሰለባን ነንሕድሕደን ይቀራረባ" ከምዝበሃል ብደም ይኹን ብጉርብትና መን ድዩ ዝቐርበና። ሶማል ኣብ ግዜ ሃገራዊ ቃልስና ትሕግዘና ነይራ ዝበሃል ቀሻሺ ብሂል፡ እንተሓገዘት ነጻ ክራይ ቤት ጽሕፈት ትሕግዘና ነይራ ቸኸውን። እዚ ሕጂ ንኢትዮጵያ ዝመርሕ ዘሎ ስርዓት እንዶ ግዳ እዩ ደሙ ዝኸፈለልና ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንናጽነትና፣ እዞም ሕጂ ኣብ ኣስመራ ሓኪሎም ዘለዉ ቅንጅት ዋጭ ዋጭ እናበሉ ኸለዉ ብ2 ኢዱ ዝፈረመልና።

ዝኾነ ኾይኑ ተስፋ ይገብር ኣብቲ ዝነበረ ኩናት ናይ ሶማል - ኢትዮጵያ ዝቐተለቶምን፡ ዘቝሰለቶምን፡ ዝማረኸቶምን ኤርትራውያን ከይተርእየና። ወረ ጥራሕ ኮይኑ ክተርፍ።

ንመሰልን ክብርን ህዝብና ዓጻፉ'ቲ ንናጽነት መሬትና ዝተቃለስናሉ ብዘይ ተጐላብነት ክንዋደቐሉ ኢና።

ኣብ ሂወትና ዘየጣዕስ ታሪኽ ንጻወት
ብሓባር ንቃለስ መታን ክንዕወት

መድሃኔ ንርኣዮ
ሽወደን